# ሓባራዊ ኣኼባ ወከልቲ ጕጅለታት ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ኣብ ስዊዘርላንድ ተኻይዱ፤ ኣ/መ ሰልፊ ህዝቢ መኽፈቲ ቃል ሂቡ

ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል ሰ.ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን

24.02.2009

ካብ 9 ካንቶናት/ኣውራጃታት ስዊዘርላንድ ዝመጹ 21 ወከልቲ ኣባላት ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራ፡ ብ21 ለካቲት 2009 ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ስዊስ ሓባራዊ ኣኼባ ብምክያድ፡ ነቲ ብክልቲኡ ሰልፍታት ዝጸደቐ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ መደብ ገምጊሞም፤ ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ሓባራዊ መደባት ከኣ ተሎሞም። ነቶም ኣብ ቀረባ ጊዜ ካብ ስርዓት ህግደፍ ሃዲሞም ኣብ ስዊዘርላንድ እተዓቑቡ ካብ 6,000 ንላዕሊ ዝግመቱ መንእሰይ፡ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ከም ዝነጥፉ ምግባር ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዛዕባታት ኣኼባ ነይሩ።

ነዚ ኣብ ካንቶን ኑሻተል እትርከብ ኮሎምቤ ዝስማ ዓዲ እተገብረ ሓባራዊ ኣኼባ ዝኸፈተ፡ ኣብ ስዊስ ወኪል ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝኾነ ብጻይ/መምህር መሓሪ ወልደማርያም ነይሩ። ንሱ፡ ንክብ ዝበለ ኣገዳስነት እቲ ኣኼብ ድሕሪ ምግላጽ፡ ቀንዲ ዛዕባታት ኣኼባ እዚ ዝስዕብ ምዃኑ ሓቡሩ፥



መእተዊ ብኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ብዛዕባ ኵነታት ሃገርን፡ ደንበ ተቓውሞን፤ ጕዕዞ ሓድነት ክልተ ሰልፍታትን፤
መደብ መሰጋገሪ መድረኽን፡ ጸብጻብ ንጥፈታት ዞባ ኤውሮጳ ብሓባራዊ ኣካላት፤
ንጥፈታት ጕጅለታት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣብ እተፈላለየ ካንቶናት ስዊዘርላንድ፤
ምስራዕ መጻኢ ሓባራዊ መደባት።

ቀጺሉ ብጻይ መሓሪ ነቲ መድረክ ንኣባል ላዕለዋይ ሓባራዊ ኣዋሃሂዲ ኣካል ክልቲኡ ሰልፍታትን፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝኾነ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ገዲፉሉ።

ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ፡ ብ1 ለካቲት ኣብ ፍራንክፎርት፡ ብ21 ለካቲት ከኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሓባራዊ ኣኼባታት ክልቲኡ መሰረታት ብኣካል ተረኺቡ ነቲ ዝዓቢ ዘሎ ሕድሕዳዊ ሌላን ምውህሃድን ክዕዘብ ብምኽኣሉ ሓጐሱ ገሊጹ። እቲ ብናይ ዞባታት ኣወሃሃዲ ኣካላት ተሰሪዑ፡ ብቦታዊ ሽማግሌታት ኣብ ኩሉ ኵርንዓት ዓለም ዝካየድ ዘሎ ኣኼባታት ከኣ ንዘይዕጸፍ ሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት እምነ መሰረት ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብጻይ ወልደሱስ፡ በቲ ዘሻቕል ውሽጣዊ ሃለዋት ህዝቢ ኤርትራ ኣስፊሑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብዚ ስዓት እዚ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ፡ ህላዌ ቀታሊ ዝኾነ ጥሜት ምኳኑን፡ ነቲ ዘሎ ጃምላዊ ጥሜት ህዝብና፡ እቲ መላኺ ስርዓት ክሓብኦ ክብል ኣብ ዝገደደ ዓጸቦ ኣሰጋጊርዎ ከም ዘሎን ሓቢሩ። ሃገር ካብዚ ዝኸፍኤ ከየጋጥማ፡ መላእ ህዝቢ ተለዓዒሉ ነቲ ስርዓት ፎእ ክብሎን ብትብዓት ክቃለሶን ጻውዒት ኣቕሪቡ።



ንሃለዋት ተቓወምቲ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኣመልኪቱ ብዝሃቦ መግለጺ ከኣ፡ እቲ ሕድሕዳዊ ምጽውዋርን ምትእምማንን እናዓኾኾ ይኸይድ ብምህላዉ ንቕልጡፍ ዓወት ዘተስፉ ምኳኑ ኣሚቱ። እቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ዝኸይድ ዘሎ ኣብነታዊ ናይ ሓድነት መስርሕ እውን ሓደ ካብዚ ዘተስፉ ምዕባሌታት ምኳኑ ጠቒሱ።

ካብዚ ቀጺሉ፡ ኣኼባ ነቲ ኣብ ኣጀንድኡ ዝነበረ ነጥብታት ሓደ ብሓደ ኣልዒሉ ተመያይጥሉ፤ ጸብጻብ ኣኼባ ብሓጺሩ ብኸምዚ ዝስዕብ ነጥብታት ክጠቓለል ይከኣል፡-

ኣኼባ ነቲ ካብ ናይ ኤውሮጳ ኣወሃሃዲ ኣካል እተላእከ ሓበረታን ጸብጻብን ሰሚዑ። ስዊዘርላንድን፡ ኢጣልያን፡ ጀርመንን፡ ፈረንሳን ሓደ ኣካል ካብቲ 3 ሓባራዊ ዞባታት ኤውሮጳ እየን፣ ነዚ ኣርባዕተ ሃገራት ዘጠቓልል ዞባ ዝከታተሉ ከኣ ብጾት ንጉሰ ጸጋይን ደስበለ መሓርን ኢዮም። እቲ ካብኦም ንኣኼባ ስዊዘርላንድ እተላእከ ጸብጻብ፡ ነቲ ብቐጻሊ ርክባት እተበጽሐ ስምምዓትን ምርድዳኣትን ገሊጹ፤ ንኹሉ ኣብ ዞባታት ኤውሮጳ ክሳዕ ለካቲት 2009 እተገብረ ሓባራዊ ንጥፈታት ከኣ ሓደ ብሓደ ጠቒሱ።
መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ቀጻሊ ሓባራዊ ኣኼባትን በዓላትን ክገብሩ ከም ዝግባእ ተሓቢሩ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ኤውሮጳን ዝግበር ሓብራዊ ፈስቲቫላት ብኽልቲኡ ሰልፍታት ክግበር ምኳኑን፤ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ መሰረታት ኣብ ምስንድእን ምዕዋትን ናይቲ ኣብ ፍራንክፎርት ዝግበር ፈስቲቫል  እጃም ክነብሮም ከም ዝግባእን ተጠቒሱ።
ወከልቲ መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ኣብ ከባቢኦም ንዘሎ ሃለዋት ክገልጹ እንከሎዉ፡ እቲ ብሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ተጀሚሩ ዘሎ ሓድነታዊ መደብ ንብዙሓት መንእሰያት ተስፋ ሂቡዎም ከም ዘሎ ገሊጾም። ሓድነት ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ዝነበሩ ተቓለስቲ ምስ ዝዕወትን፡ ሓደ ካብ መተካእታታት ክኸውን ምብቅዑ ምስ ዘረጋግጽን፡ ብዙሓት መንእሰይ ኣብቲ ቃልሲ ከም ዝሳተፉ እምነት ተገይሩሉ።
ሓያለይ ካብ ሓደስቲ ስደተኛታት ካብ ደንበ ተቓውሞ ዝርሕቁን ካብቲ ስርዓት ዝፈርሑን፡ እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎዉ ቤተ ሰቦም ከይጒድኡ ብምፍራሕ ምኳኑ ተሓቢሩ። ነዞም ኣብ ፍርሒ ዝነብሩ መንእሰይ ንምሕጋዝን፡ ኣብ ቃልሲ ንምጽማዶም ዘኽእል መንገዲ ኣብ ምንዳይን ነዊሕ ምይይጥ ተኻይዱ፥ ኣድላይ ነጥብታትን ሜላታት እውን ብኣኼባ ተመዝጊቡ።

ኣኼባ ካብቶም ዝነበረኡ ወከልቲ 9 ካንቶናትን ካልኦት ዘይተሳተፉ ኣባላትን እተዋጽኡ ቦታዊ ናይ ምልዕዓልን ሓበረታን ወከልቲ መዚዙ። ቀንዲ ስርሖም ከኣ ነቶም ብኣማእት ዝቝጸሩ ምዝጉባት ግን ከኣ ዘይንጡፋት ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታትን ካልኦት ዜጋታትን ምርካብን ኣብ ናይ ተቓውሞ ቃልሲ ምልዕዓሎምን ኢዩ።
ኣኼበኛታት፡ እቲ ክልቲኡ ሰልፍታት ተተሓሒዝዎ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕ ኣብ ውሽጢ 2009 ክዛዘም ተላብዮም። ንመስርሕ ሓድነት ንዋታዊ ሓገዝ እትእክብ ሽማግለ ክትህሉ ተወሲኑ። እቲ ሓገዝ ካብ ግዱዳት ኤርትራውያን ወፈያ ብምጥላብን፡ ፍሉይ ንጥፈታት ብምክያድን ክርከብ ከም ዝግባእ ተራእዩ። ኣኼባ ሓባራዊ ዕግበት ድሕሪ ምምዝጋብ ብዝኽረ ስዉኣት ተዓጽዩ።